# እንታይ ኢዩ ጉዱ ኤርትራውነትና!!

ጎብተ ጐይትኦም ሙሴ ነኀሰ 21/ 2006 !!

ኤርትራ ካብ መግዛእትን ድኅረትን ንክትላቐቕ ምሩጻትን ምልሙላትን፤ ፈላጣትን ጀጋኑን ደቃ ኣብ ኣጻምእን ጽሓይን ኣብ ቁርን ንፋስን ብጥሜትን ጽምእን መውጋእትን ስንክልናን ተጻዊሮም፤ ነቲ ግስሩጥን ብዕሉግን ኣመራርሓ ውድባትን መራሕትን ሰጊሮም፤ ብቅድሚት ናይ ጸላኢ ብድኅሪት ናይ መራሕትን ልኡኻት መራሕትን ሰዓብቶምን፤ ጠያይቲ እናተጻወሩን እናተወግኡን እናተሰውኡን ኢያቶም ክሳብ ናይ ነጻነት ብርሃን ዘብጽሑና፤ ክብሪ ከአ ይግብኦም።

ሕዝቢ ኤርትራ ምስ ናይ ብሓቂ ተጋደልቱ፤ ግን ነቲ ዝተሓልፈ ጸበባን ጭንቅን ደጊሙ ዝወጽእ ስለ ዝመሰሎ ከምቲ ቀደም ኣብ ምዕባሌ ግሪካውያን ኤሪፒደስ ዝተባህለ ፈላጥ ግሪካዊ ብርቱዕ ወቀሳን ኣሉታዊ ውጽኢትን ዘስዓቦ ውድቐት ንክንወድቕ ተካእለ ንደቂ ተበስ ዝበሎ ተመሳሳሊ ። ኤውሪፒደስ ከምዚ በለ“ኦ!ሕዝቢ ተበስ ኣብ ትምክሕትን ትዕቢትን ወዲቕኹም፤ብሓቕነትኹምን ቅንዕናታትኹምን ብናይ ዓወታትኹምን ስክራን ጥሒልኹም፤ ጉድለታትኹም ምምዛን ዘተሳእነኩም ኢካትኹም ትመስሉ፤ እዚ ከአ ናይ ኣካያዳታትኹም ጉዕዞ መንገድታትኹምን ንጐረቤታትኹምን ብድፌኢት ድልየታትኹም ከተተግብሩ ጽዒርኹም፤ ተጠንቐቁ!! ተጠንቐቁ!! ኩሉ ጊዜ ሓጐስን ፍስኀን ጥራይ ኣይኮነን ኣብ ቅድሜና ዘሎ፤እንታይ ድአ፤ናይ ውድቐት መራሒት ዝኾነት ትዕቢት ኢያሞ ሃየ ተጠንቐቑ” ዝበሎ ዝነበረ ንኤርትራውያን ዝተባህለ ክመስል” ሕዝቢ ኤርትራ ከአ ነዚ ንአና ናይ ሳጥናኤላዊ ጃንዳ ዝምርሓሉ፤ ናይ ተንኰልን ቂምን በቀልን ናይ ቅርሕትን ክፋእን እናተነግረ፤ ነቶም ደቂን ሓቅን ቅንዕናን ነገርቱ፤ ብናይ በለቕን ጠቐርን ናይ ርስሓትን ፍንፋንን ቃላት እናደርበዩ ከካፍእዎም እንከለዉ፡ በቲ መንጽሩ ድማ ብናይ ፈላላዪ ኣምር ጃንዳ ህግደፍ ብአውራጃውን መንካዕን ፋሉልን የሚንን ድጉልን ወያኔን ዓ ጋመን እናተባህለ ዝመጽእ ዝነበረን ዘሎን ጸለመታት መግለጺ ዕሽነትን ድንቁርናን ብዙኃት ኤርትራውያን ኢዩ።

እወ ዕሽነትን ድንቁርናን ብዙኃት ኤርትራውያን !!ብከመይ ንዝብል፤-

- ናይ ብዙኃት ደናቁርን ተበለጽትን ኤርትራውያን ቁርአንን መጽሓፍ ቅዱስን ዝኾነት ዘይሓዳስ ኤርትራ “ሓደስ ኤርትራ”ተባሂላ እትጽዋዕ ዝምርሑ ሙሽሙሻት ሓንጐል ዝውንኑ፤-ስንኩላት ሓንጐል።
- ገለ ብደምን መስዋእትን መንእሰያትን ሕዝቢ ኤርትራ ዝነግዱ ናይ ፖለትካ ዓ ጠርቲ። ገዛ ክገዝእ ኣደይ ኣቦይ ክርኢ ብዝብል ጉልባብ ብደም ጀጋኑ ናይ ቀደምን ናይ ሎምን ብ፯ና ርቡዕ ኩርናዕ ክብሪ ሕዝቦምን ክብሪ ባህሎምን ያታቶምን ዝሸጡ ሕሱራትን ዝንቡላትን ኣእምሮ።
- ገለ ብፍርሕን ራዕድን ህግደፋውያን ሓሞቶም ዝተበላሸወን ዝፈሰሰን።
- ገለ ደቆም እናኣምሃሩ ጽቡቕን ብሉጽን እናመገቡን እናከደኑን ኣብ ዲሞክራሲያዊ ሀገር እናተቐመጡን ኣብ ዘይዓዶም ክብሮምን መሰላቶም እናተሓለወሎም ደቂ ካልኦት ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ዝተአስርሉን ዝተረሸንሉን ዝሞትሉን ዝተዓመጻሉን ረመጽን ግሃነም ሓሊፈን በሰላን ስንብራት ንዘለዐለም ዝተሸከማሉን ካብቲ ናይ ምድራዊት ሲኦል ተቀይራ ዘላ ዝፈትውዋ ሀገሮም ክንዲ ዝሀደሙ፤ ንመንእሰያትና ኣብ ክንዲ አጆካትኹም ኢልና ነዔንግሎምን ንደጋገፎምን፤ በቲ ብዕሉግን ጽዩፍን መላሕሶም ጸርፍን ውርደት ከዝንቡ ዝርከቡ።

ብመንጽሩ ድማ ነዚ ዓለም ብዓለሙ ዝፈለጠን ዝተመስከረሉ ጽሉል መራሒ ጃንዳ ህግደፍ ከተባብዑ እንክትርኢ እምበርዶ ብሓቂ ኤርትራውያን ኢያቶም፤ ዝብል ሕቶ ይቐላቐለካ። “መሰልን ክብሪ ሰብን ሓርነት ውልቀሰብን እናተረግጸን እናተጨፍለቐን ንቡር ናይ ንግዲ መንገድታት ምትግባር ተሳኢኑዎስ፤ ኣብ ንግዲ ቆሎን፤ ንግዲ ሬሳን ዝአተወ ጃንዳ፤ ንቡርን ባህልን ዘይፈልጥ፤ ባህሊ ኰነ ያታ ኣልቦ ዝኾነ መዕበያኦም ዝበደሎም እኽብካባት

*ጃንዳ ዓይኖም ዓሚቶም ብናይ ጃንዳ ባጽዕ ግልቡጥ ስነሞጎት መሰልን ክብርን ኤርትራውን ከም ዘይተተንከፈ ንክመስል ዝሰዕቡ ስለምንታይ ኢዩ? እንታዎትከ ኢያቶም? ክብል ሀገራዊ ግቡኤይ ሓላፍነተይን እውን ኢዩ።*

*ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደሎ ክብርን መሰልን ከቕደግን እኺ ዘይከአል እንተኾይኑ ብጃንዳ ህግደፍ ክጭፍለቕን ክርገጽን እንከሎ፤ እቲ ሕዝቢ ክፉእ ካብ ጽቡቕ ምልላይ ተሳኢንዎ ጽቡቕ ብክፉእ ክትካእ እንከሎ፤ንጽቡቕ ምምላስን ብምሉእ ኃይሉ ዘይጽዕር ስለምንታይ ኢዩ? ሓደ ሰብ ርትዓውነት ሐዲጉ፤ ጊላ ናይ ስምዒቱን ተምሳጡን* (Feeling or passion) *እንተድአ ኰይኑ ብርግጽ ነጻ ኢዩ ንምባል አሸጋሪ ኢዩ። ናይ ሓቂ ነጻነትን ሓርነትን ንገዛእ ርእሳተን ኣብ ናይ ስነ ምግባር መዝነት ዝተመስረታ ብምዃነን። ነዞም ደገፍትን ሰዓብትን ጃንዳ ጸይቅን ዕንወትን ዝኾኑ ጃንዳ ባጽዕ ክብሎም ዝደሊ፤ ሕብረተሰባዊ ኰነ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ውጽኢትን ጉድለታትን ጌጋታትን ገበናትን አመራርሓ ጕይቶትኹም ዘስዕቦ ኣብ ናይ መሰረታዊ ሰብአዊ መሰል ደቂ ሰባት ኣብ ምንጻግ ዝተመርኰሰ ኢዩ።*

*ከም ኣብነት ንምጥቃስ ከምዚ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ዓፋኒ ሥርዓት ኣብ ፖርትጋል ኣብ ዝነበረሉ እዋን ክልተ ናይ ሓደ ኮለጅ ተማሃሮ ብናታቶም አረአእያ ነጻነት ከም ኣብ መንጐ ክልተ ባኒ ተቀርቂራ ተጠቢሳ ትብላዕ ባኒ (ከም* Hamberger) *ገቢሮም ስለ ዝስአሉ እቲ ናይ ሽዑ መንግሥቲ ነዞም ስአልቲ ክልተ ተማሀሮ ሒዙ፤ ነዚአ ከም* Hamberger *ስለ ምስ ናጻነት ዝሰአሉ ጥራይ ዔዕስራ ዓመታት ናይ እስራት ፍርዲ ፈረዶም። ነዞም ክልተ ተማሃሮ ኮለጅ ንምውጻእ ዝተበገሰ ምንቅስቃስ ናይ* 1961 *ከአ አምነስቲ ኢንተርናሽናል(* **Amnesty International AI**) *ኺይኑ እንሆ ናይ ግፉዓት ወካሊ ብምዃን ክሰርሕ ይርከብ።*

*ክቡራትን ክቡራንን ርአይዎሞ፤ክልተ ሰባት ንምድሓን ተላዒሎም ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል አቀኍሞም ንሕናኸ? ወለዶታት እናጠፍኡ ምጽቓጥ እንታይ ኢዩ ሽኑኑ? ከምቲ ቅድሚ ሓላፍነትን ግቡእን ሓደ መሪሕነት ኣብ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ነቲ ዘሎ ኩነት ንሕዝብን ሀገርን ኣብ ቅንዕናን ርትዓውነትን ተመርኺሱካ ምግላጽ ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ኣብ ጊዜ መዓልታዊ ሥራሓቱ አግልጋልን ኣመዝጋብን ኵነታትን ውጽኢታትን ናይቲ ከይዲ ኣብ ሀገር ዝግበር ከአ ኢዩ።*

*አምር መሪሕነትን ናይ አመራርሓ ሓሳብቱ ንምግላጽን ምርዳእን ምብራህን ማእለያ ዘይብሉ ጽሑፉትን መጻሕፍትን መጽሔታትን ከማኡ እውን ሳይንሳዊ መጽናዕትታትን ምስቲ በብእዋኑ ዝወጽእ ጋዜጣታታትን ነቲ ምዕብልና ዓለምና ዝመጣጠንን ዝገጥምን ምዕ ቡል ዓይነት መሪሕነታት ይጽሓፍ ኢዩ።ኣብዚ ጽሑፍዚ ንአይ እውን ብዛዕብዚ ዘጽሕፈኒ ዘሎ፤ ነቲ አብ አፍሪቃ ዝርኤ ዘሎ ጉድለታት፤ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይቲ ጃንዳ ባጽዕ ከአ ብዝያዳ ኣብ ዘሎ ኮነ እዞም "መራሕቲ" ናይ ተቓወምቲ ውድባት ድማ ብሓለፉ ዘተኰረ ኽኸውን ኢዩ።*

*መሪሕነት ማለት አዛዝን ርእሰ-ነገርን ናይ ኩሉ ዘይኾነስ፤ አንቀሳቀስቲ ናይቲ ምንቅስቃስን ናይ አንፈት ሓባሪ ሰዓብቱን ሕዝቡን ማለት ናይቲ ተቓላሲ አካል ብምሉኡን ምዃን ኢዩ ዋና መዝነቱ። ዋላ ኣብ ወንጌል ሉቃስ እውን ንተግባራት መራሒ ክገልጸ እንከሎ" አገልጋሊ ኩሉ" ኢዩ ኢሉ ዝጽዎዮ። እዚ መሪሕነት ዝብል ትካል* (Institution) *ክቐወም እንከሎ ንምግልጋል ናይቲ ዝመረጾን ዝሐረዮን ሕብረተሰብን ሥርዓ ትን ከም ዝቆመ ካብ ኦሪት ጀሚሩ ይፍለጥ።*

*ሓደ መራሒ ተቐባሊ ሰቓይ ሕዝቡ ድአ እምበር ሰቓዪ ሕዝቢ ማለት እውን ኣይኾነን፤ ከምኡ (ሰቓዪ) ኺይኑ እውን ኣይፈልጥን። ካብ መሪሕነት ሳቀይቲ ሕዝብቦም አይነበሩን ግን አየስምዕን ኢዩ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ሰቓይ ሕዝቡ ምስ ቁሩባት መማኽርቱን መሳርሕቱን ኺይኑ ለይትን መዓልትን ንፍታሕ ዝሓስብን፤ ነቲ ፍታሕ ኣብ መዓልቦኡ ዘብጽሕን ማለት እውን ኢዩ። ናይ አመራርሓ አገባባት ቀንዲ እቲ ዕላማ ኳይኑ፥ ካብዚ ዘይንእስ ትሕዝቶን ሚዛንን ዘለዎ ድማ ዝምድናታት ናይ ዝመርሖ ሕዝቢ ርክክባት ምዃኑ ይፍለጥ። እዚ ድማ እቲ ዝስራሕ ነገራትን ዝፍጸም ዕላማታትን*

መምርሕታትን ብቀጥታዊ ርኽክባት ናይ ዝምድናታት ስለ ዝፍጸምን ኣብ ግብሪ ዝውዕ ልን።

ናይ ሓደ መሪሕነት ጸጋን ውርሻን ርሱንን ቅልጡፍን ዝኾነ ምንቅስቓስ ምዕባሌታትን ናይዚ ውጽኢታትን፤ በቲ ሓደ ከአ ትሕትናን ግርማን ክብርን ናይቲ ባህልን ያታን ናይ ሕዝብን ሀገርን ክኸውን ይግባእ። እሞ ሓቀና ትርጉም መራሒ ወይ መራሕቲ ከምዚ ልዕ ል ኢሉ ዘሎ ካብ ኾይኑ እዞም ብትምኽሕትን ትዕቢትን ብሓሶትን ተንኰልን ብቂምን በቐልን ዝተላዕጠጡ ኣብ ኤርትራ ን45 ዓመታት ንሕዝቢ ደም ዘንብዑኸ? መራሕቲዶ ተባሂሎም ክጽውዑ ይኽእል ትብሉ ትኾኑ? እንድዒኸ?

መሪሕነት ዝብሀሉ ነቲ ጸጋን ሀብትን ሀገር ዝኾነ ንኡስ ወለዶ ዘምህሩን ዘማዕብሉን፤ ንልሉያትን በላሕትን ድማ ኣንፈት ቅኑዕ ናይ ለውጥን፤ ኣብ ጥቅሚ ሕዝብን ሀገርን ዝውዕል፤ ኣንፈት ቅንዕናን ምዕባሌን ኣንፈት ፍትሕን ርትዕን ከትሕዙ ዝግብኦም ክነሱ ከምኡ ምስ ዘይገብሩ “መራሕቲ”ኸ ? ኣብ ኣፍሪቓን ኤርትራ እውን ከማኡ ምስ ዘይገብሩኸ ከም ሕዝቢ መጠን እንታይ ክንገብር ይግብአና። ከም ኣካል ኣፍሪቃ መጠን መራሒ ኣብ ኤርትራ እውን ናይ ሕዝብን ሀገርን ሓላፍነትን መዝን ብዘይግቡእ ንብዙኅ ዓመታት፤ ብብዙኅ ምስጢርን ተኻኺልን ኣብ ዝጸንሐሉ፤ ንቅኑዓት ሀገራውያንን ምሁራትን ጋዜጠኛታትን ለባማትን ዓገብ ብሃልትን ኣብ መጨረሻ እውን ምስጢራት መራሕትን መሳርሕቶምን ልኡኻቶምን ንምሕባእ ኣገልገልቶም ንዝነበሩ ከይተረፈ ብምቕታል ሀብቲ ሀገር ብምስራቕ ካብ ሀገር ዶብ ሰጊሮም ክሀድሙ ዝርአዩ ዉሑዳት ኣይኾኑን እሞ እዚኣቶም ኒሕን ሀገራዊ ስምዒትን ከም ዘይውንኑ ዘረጋግጽ ኣብነት ኢዩ ክብሃልዶ ኣይከኣልን። ናይ ሕማቕ ባህሪ መራሕቲ ንምጥቃስ ዝአክል ጥራይ ንኣብነት ሞቡቱ ካብ ናይ ቀደም ዛየር 17 ሚልያርድ ኣብ ባንክታት ኤውሮጳ ብሐፊሻ፤ ኣብ ናይ በይልጅዩም ባንክታት ድማ ብፍላይ ብምኽዛን ንሕዝቡ ዘጥመየን ዘደንቈረን ኢዩ ዝነበረ፤ እዚ ኩሉ ንዓመታት እተሰርቐን እተዘምተን ንብረትን ሀብትን ደቂ ዛየር ክመውት እንከሎ 4 ሚልዮን ጥራይ ኢዩ ዘሎካ ገንዘብ ተባሂሉ ድማ ተባሂሉ። እቲ $ 16.999.999.996 ከ አበይ አበለ። ኣብ ኤርትራከ ከመይ አሎ?

ስሱዓት መራሕቲ አፍራቓን መራሕቲ ገድሊ ኤርትራ ንመንእሰያት ወለዶታት ብርቱዕ ስነ ኣእምራዊ በሰላታት ብምሕዳግ፡ ካብ ዝተመርጹላ መዓልቲ ክሳብ ሎሚ ንዝመርሕዎ ውድባት ከምቲ ናይ ጃንዳ ህግደፍ ሜላ መቓቂልካ ግዛእ ዝዕላማኦም መንእሰይን ሕዝብን ክሳቐ ፈጺሞም ለውጢ ዘይገብሩ፡ ፈጺሙ ዝፈላሊ መትከልን ዕላማን ዘይብሎም ክነሱ መትከላዊ ፍልልያት አሎና እናተባህለ፤ ምስ መሳርሕቶምን ናይ ቅድም ብጾቶምን ዝብሃሉ ዝነበሩ፤ብቂምን ቅርሕንትን ክፈናጨሉ ምድሪ ዝዐረቦም ናይ ተቓውሞ መራሕቲኸ? ጃንዳ ህግደፍ እውን ነዚኣቶም ብምርአይ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ሕዝብን ሀገርን ብንዕቐት ከሽካዕልል ዝርኤን ዝርከብን ዘሎ። እምበር ተቓላሳይ መሰረታት ውድባትን ሕዝብንሲ ጠርኒፉ ዝመርሖ ድአ ስኢኑ እምበር ኩሉ ጊዜ ከየከብዎ እኩብ፤ ከየሕበርዎ ሕቡር ሕዝቢ ኢዩ።

እቲ አዝዩ ሕማቕን ክፉእን ባህሪ መራሕቲ፤ ዕድሜኦም ምሉእ መራሕቲ ኴይኖም ተሓታትነትን ሓላፍነትን ዘይፈልጡ ዕሱባት ናይ ወጻእተኛታት ብምዃን ንህዝቦም ዝብድሉ፡ ክብርን ልቦናን ግርማን ዜጋታት ዘየክብሩ ንሥልጣን ንሓላፍነትን ከም ውርሻን ርስትን ዝርእዩን ዝመዝኑን ተመሪሕካ ክሳብ መአስ?

ነዚ ከም ፍታሕ ኺይኑ ክቀርብ ዝክእል ርእይቶ ሓደ መራሒ ይሕመቕ ይንፋዕ! ካብ ክልተ ጊዜ ናይቲ ውዑል ወይ ወቕቲ ንድኅር ዋላ እውን ኣብ ሕጸ ክቀርብ ኣይግብኦን፤ዝብል ተሪር እምንቶን ኣጋጣሚ ኴይኑ ከምዚ ርእይቶ ኢዩ ዘሎኒ፤ ምኽንያት ካብ ቦታኡ ከም ዝለቕቅ እንተድአ ተፈሊጡ ንስሙ ከጸብቕ ብእሩም ክሠርሕን ከገአልግልን ስለ ዝኸአልን ተካእቲ መራሕቲ ዝኾኑ ከማዕብልን ስለ ይግደድን፤ ኢዩ ዝብል ርእይቶ ብእምነት ኢየ ዝመዝኖ። ምናልባት ርእይቶይ ምስ ዘይከውን እውን እቲ ዘውረዶ ጉድኣትን ዉሑድን ብቀሊል ክስገርን ክሓውን ዝኽእል ክኸውን ይኸአል። ኣብዚ ክበርህ ዝግብኦ እቲ ናይ ጥሮታ መሰል ምስ ዝሕሎ እቲ ስርቕን ጉቦን እውን ክእለ ኢዩ ዝብል ሚዛን ኣሎኒ።

ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ስም መራሕቲ ዝተሰኸሙ ምጥፋእቲ ድአ እምበር ሀነጽቲ ዝኾኑ ቅኑዓት መራሕቲ ክሳብ ሕጂ ኣይተረክቡን ዘለዉ፤ ናይ መንእሰያትና ካብ ትምህርቶም ምብኳር፤ ብማዕረኡ ከአ ሀገር ኣብ ክንዲ ንቅድሚት ንምምዕባል ንድኅሪት ከም ሽንቲ ገመል ከተንሸራትት ትርከብ፤ከምኡ እውን ኣብ ርእሲ መንእሰያትና ዝወርድ በደልን ግፍዕን ዓዛብን ስቓይን ዘሎ ዘይግድሶምን ገለ ከአ ተካፊልቲ ናይ ገበናት፤ገለ ከአ ጸልማት ተኸዲኖም ምስ ጃንዳ ባጽዕ ገበርቲ እቲ ኩሉ ክፋእ ብምኳኖም፤ዋላኳ ክንዲ ፍረ ጣፍ እኳ ትኹን ፍልልይ ዘይብሎም፤ ንሕዝቢ ኣብ ክንዲ ዘሕብሩ፥ ክበተትኑን ከንብዑን ከብኽዩን ሣላሳ (30) ዓመታት ዝገበሩ ሎሚ ንሕዝቢ ክሓልዩ ኢልካ ምሕሳብ ነብስካ ምዕ ሻው ጥራሕ ኢዩ።

ትሕትናን እሩምነትን መግለጽን መዔቀንን ተስፋን ዕድል ምቹእ ጊዜን ኢዩ። ነዚ ክጻረር ዝብገስ ድማ ንክመወት ኣብ ገምገም ገደል ከም ዘንጠልጠለ ዝወድቕ ኣቕሓ ይቑጸር። ትሕትና መግለጺ ክብርን ግርማን እውን ኢዱ ትሕትና ንምግላጽ እንጥቀመሉ፤ ንብቁዕን ጥዑምን ሃዋህው ካብ ንማለቱ ንነብር ኣሎና ፈላሊካ  ምርዳእ እውን ኢዩ።

ኣብዚ ዝእምቶ ዘሎኩ፤ ጉዕዞ ዝኮነ መራሒ ነበር ምሉእ ዘይጐደል ጸብጻብ ናይ ቃልሲ ሕይወቱ ፈቲጉን ፈቲሉን በብሓደ ከይነገረ፤ እንደገና ኣብ ናይ ሕዝቢ ኮረሻ ኮፍ ንምባል፤ኣብ ናይ ሕዝቢ ሓላፍነት ክሽከም ምሕዳግ፤ ነቲ ሸቶ ሕዝቢ፤ከምቲ ጻዕዳ ተሐጺቡ ተስታሪሩ ዝተቐረበ ክዳን ኣብ ጭቓ ጠንቀላዕላዕን ከንበለውለውን ከም ምባል ይቁጸር ታሪካዊ ከይዲ፤ ሕይወት እቶም እዞም መራሕቲ ዝቀተልዎምኸ ብከመይ ኢና ክንገልጾ፤ ከምቲ እዞም መራሕቲ ዝበሉናዶስ፤ ወይስ ከምቲ ሓቁ ከም እንፈልጦ፤ ንሕና ተጋደልቲ ነበር እንፈልጠ ሓቅን ቅኑዕን መግለጺኡን እውን እኾ ኣሎ።ከምቲ ሳሙኤል ጆንሰን ኣብቲ ራስላስ ጽሑፉ <u>“ንጽህና ብዘይፍልጠት ድኹምን ጠቕሚ ኣልቦን ይኸውን፤ ፍልጠት ብዘይ ንጽህና ድማ ሓደገኛን ኣሰቃቕን ኢዩ”</u> ዝብሎ፤ ንጽህናን ቅንዕናን ምሉእነትን ዘይውንን ሰብ እውን መራሒ ሓደ ህዝቢ እሞ ከአ ከምዚ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ዶብን ደረቱን ዝሐለፈ ኣሰቃቂ ጭቆናን ንብርሰትን ሕዝቢ ዝቃለሱ ጃንዳን ኣብ ዘለዉሉ ናይ ተቃውሞ “መራሕቲ” ብሃልቲ እውን ብዘይ ቅንጣብ ቁዉም ነገር ንሣላሳ ዓ መታት ዘሕለፉን ዘሕልፉ ዘለዉን ሕዝብን ሀገርን ንምድሓን፤ ኣብ ዝግበር ጥምጥም ቅንዕ ና ውልቀሰብን ቅንዕና መራሕትን ዕዙዝ አድላይነት ዘለዎ ማእከላዊ ሕቶ ኢዩ። ነዚ ኵነታትዚ ንሕዝብናን መራሕቱን በሃልትን ዝገድስ ዓቢ ነጥቢ ኢዩ።ከምቲ ሰነኻ ዝተባህለ ሮማዊ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘበን ዐለም ዝነበረ ፍላስፋ ዝብሎ <u>“ ካብ ሓጹርን ከባቢ ሓቅነትን ተደፊኡ ዝወጸ ሰብ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ሕጉስ ክኸውን ኣይኽእልን ኢዩ፤ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓውደ ግዝኣት ንምውዳቅ ዘኽእል ክልተ መንገድታት ኣለዋ፤ እታ ሓንቲ ባዕልካ ብምሕሳው እሞ ንነብስካ ምትዕሽሻው ክትከውን እንከላ፤ እታ ካልአይቲ መንገዲ ከአ ሓሲዮም ብዝነገርዎ ምእማን፤ ዝውሰድ መንገዲ ኢዩ”</u> ይብሎ።

ኣብዚ መራሕቲ ገድሊ ኰነ ተጋደልቲ ምስ ፍሉያት ሰዓብቶምን ንሕዝቢ ብሓሶት ኣደንዚዞም ኣብ ልዕሊ ደም ዝዛረ ሬሳታት ጀጋኑ ሳጥናኤላዊ መንገዲ ሒዞም ከም ዝስዕ ስውን ዘዕበድብዱን ክገብሮም እንከሎ፤ ንገሊኦቶም እውን ብዘይካ ንጽሕና ዝውንንዎ ፍልጠት ብዘይምንባሮም፤ ነቲ ዝተሐሰወሎም ከም ጥዑም ስሚ ስለ ዝጨለጥዎ ውጽኢቱ፤ እዚ ሕጂ እንርእዮ ዘሎና ኳይኑ ተሪፉ ኢዩ።

ሕጂ ክግበር ኣለዎ ዝብሎ ፤ነፍሲ ወከፍ ንነብሱ ከዕግቦ ዘለዎ ዝዓበ ነጥቢ ምስ ዝህሉ፤ ነዚ ኣብ ፈቀደኡ ዝቅዘፉ ዘለዉ መንእሰያትና ኣብ ምእካብን ምሕብሓብን፤ ነዚኦቶም እውን ካብቲ ኣሰቃቂ ሀዋሁው ብከመይ ክምዘን ከም ዘለዎ ብማኅበራትን ሲቪላውያን ማኅበራትን ትምህርቲ ዝውሃብሉ ኵነታት ምፍጣር የድሊ።

ከምዚ ሓላፍን ጊዝያውን ዝኾነ ስስዔን ሓሶትን ኤርትራውያን ኣብ ስደት ዝርከቡ ምስ ረአየ ኢዩ፤ ይመስለኒ ንክገንሐና፤ እቲ ፍሉጥ **አይንሽታይን** <u>“ ኣብዛ ዓለምና ምምጻእና ጋሻ ነገር ኢዩ፤ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ንቁሩብ ጊዜ ዝመጻና ገያሾ ኢና! ስለምንታይ ከም ዝመጻና እውን ኣይንፈልጦን ግን ከአ ሓደ ሓደ ጊዜስ ዘምጽአና መለኮታዊ ይመስልሞ፤</u>

ነቲ መዓልታዊ ናብራና ከም መበገሲ ምስ እንውስዶ ኣብዚ አረጋጊጽና እንፈልጦ፤ ሓደ ሰብ ኣብዛ ዓለም እዚአ ንደገፍን ጽቡ`ቕን ፍጻሜን ካልኦት ሰባት ከም ዝመጸ ኢዩ” ዝመቃ ይመስል። ስለዚ ሐለፍትን ገየሽትን ምኽና ፈሊጥና ነቲ ኣብዚ ጉዕዞ ሕይወትና ዘጓንፍ ብጽቡ`ቕ መታን ክንፍጽሞ ስነ ምግባርን ኒሕን ያታን ሀገራውነትን ብቕንዕና ንክንሕዞ ንሕተት አሎና።